## ጀጋኑ ሓሊፎም ነባሪ ታሪኽ ገዲፎም
## ኣብ ዝወደቕዎ መዘክር ጽሒፎም

ካብ ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ደቁ ዝጠለምዎ ህዝቢ
ይእዊ ኣሎ ሲኢኑ መርሃዊ
ብጃንዳ ህግደፍ ተዘሪእዎ ሓዊ
ቢኢሰያስ ሓሳዊ ሃገር መዕነዊ
ኣብ ለውጢ ንእመን ህዝብና ክነሕዊ።
ጀጋኑ ሓሊፎም ኣመስኪሮም ብግብሪ
ምስታ ኀያይት ሓራስ ነብሪ
ጅግና ኣይነብርን ታሪኹ ግና ነባሪ
ኣብ ባህልና ምድንጋር ነውሪ
ደቅና ውረሱ ናይ ጀጋኑና ሕድሪ።
እትው ከይበለ ዲክታቶር ሙኻኒ ዘመስከረ
ብውድባት ሓሸውየ የሎን ኢሉ ዝጀመረ  መደረ
ገለ ሰንበዱ ገለ በሉ ጽቡቕ ገበረ
ቀጺሉ ንብጾቱ ምጽልጻል ጀመረ
ሓጋዚ ሲኢኑ ዝብሉ ሃሱሳት እንዳ ዋፈረ
ንገለ ይኣስሮም ንገለ ኣደስኪሉ እንዳ ባረረ
ቀንጻሊ ዶ ምተባህለ  ሃብሮማይ ባዓል ስረ።
ኤምዲሰመ ንሱ ክጸንሓልኩም ህዝቢ እዳ ኣንበዔ
ካብ ወረስቲ ሕድሪ ኢለ ዛኣምኖም ጉድ ሰሚዔ
ራዛ ናይ ኣቡኡ ሓዛ ኣብዚሕኩም ስሰዔ
ኣብ ልዕሊ ተቓለስቲ ኣብዚሕኩም ብደዔ።
እንተ ንሕና ኣብ ቃልሲ ኣሕሊፍናዮ ዕድመና
ንነጻነት ተቓሊስና ከም ህዝብና
ሕጂ ድማ ንሓርነት ንቃለስ ኣሎና
ደቃስ የሎን  ምልኪ ከይኣለና
እቲ ምንታይ ሕድሪ ሰማእታት ስለ ዘለና።
ሎሚ ግዳ ኣፍሪና ተቀበልቲ ሕድሪ
ጀብሃ ሻዕቢያ ያዕ ንበሎ ንመዳናገሪ
ሕድሪ ስዋኣትና ክነተግብሮ ብግብሪ
ክነሕጽሮ ናይ ህግድፋዊያን ዕምሪ።
ህግደፍ እዩ ናይ ሓባር ጸላኢና
ዉሑዶ ጀብሃ ሻዕቢያ ኢሉ ፈላልዩና
ንበሎ ፈሊጥናካ ዘይ ናትና ሙኻንካ ።
ደቅና ዓገብ በሉ ኣቲኹም ኣብ ሞንጎና
ክሳብ ማዓስ ብህግደፍ ክንነብር ተፋላሊና
ናይ ጽባሕ ቅስንቲ ኤረትራ ክትርከቡና
ጽባሕ ሓለፍቲ ስለ ዝኾና ንሓና።
ኣብ ሰደት ትነብሩ ኣቐሽቲ ዓገብ ዓገብ
ደድሕሪ ህግደፍ ኣይትበሉ ዘብዘብ
ከይትሰፍሩ ኣብ ናይ ክድዓት መዝገብ።
ናይ ሓርነት ነጻነት ሓሪምዎ ህዝብና
ነደታት ኣጋጊዮመን ዓሊለን ኣብ ጎደና
ብመንነት ዝተሻየጡ ተዋሪድና
እንተ ንሕና ኣንጊህና ዓገብ ኢልና
መን እሞ ሰሚዕዎ ንኣውያትና
ሉኡኽ ኣስራተ ካሳ ፋሕ ብትን የእቲዩልና

ብጃንዳ ሸፋቱ ተዘሪጉ ሓድነትና።

ኣይተሳእኑን ደሞክራሲ ዝጽበዩ ካብ ጠላሚ
ብድቁሶም ፍትሒ ክመጽእ ዘለዎም ሕልሚ
መን ኣሎ ካብ ዝብኢ ዝጽበ ዓጽሚ።
ኣእዛና ጸሚሙ ብናይ መንእሰያትና ኣውያት
ብሰንኪ ህግድፋዊያን ህዝብና ወዲቑ ኣብ ጸልማት
ስለ ዘይስቐሮም ናይ መንእሰያት ብኺያት።
መን እዩ ናይ ዝኩሉ ጥፍኣት ተሓታቲ
ኣብ ስደት ትነብሪ ወላዲት ነብስኺ ሕተቲ
ያኣክል ምስ ጃንዳ ህግደፍ ላዕሊ ታሕቲ
ግዝየ ኣኺሉ ጸረ ህግደፍ ክትምክቲ።
ዋዕላና ዋዕላ ንሓድነት ንቅሳነት
ዋዕላና ዋዕላ ድሕነት ስኒት
ብዋዕላ ክነተግብሮ ናይ ህዝብና ትምኒት
ሓቢርና ንበል እንቢ ንምልኪ
ሓቢርና ንበል እወ ንለውጢ
ሓቢርና ንበል እወ ንፍትሒ
ሓቢርና ንበል እወ ንደሞክራሲ
ሽግርና ክንረኽበሉ ፈውሲ።
ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊትለምለም
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰዋኣትና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን